## *መን" ዩ ጸዊዑካ፤*

እስኪ ንገረኒ፤ ክፈልጦ በጃኻ
መን ዩ ወሳዲኻ፤ መን ዩ ጸዊዑካ?
ሙሴ ድዩ ዋልታ?
ናይ ገድሊ ብጾትካ
ወይስ ሓየሎምዩ?
ጀግና መሓዛኻ
እስኪ ንገረኒ፤ ክፈልጦ በጃኻ
ክንፈ ደኾን ይኸውን
ገድሊ ጥራሕ ከይኮነ
ናይ ሰላም ብጻይካ
ወይስ እቶም ጀጋኑ ተጋደልቲ
ንነፃነት ኢሎም
ዝሓለፉ ቅድሜኻ
እስኪ ንገረኒ፤ ክፈልጦ በጃኻ።
ሓዱሽ ነገር አይኮነን
ክትሰምዕ ጸውዒቶም
ግን ሕጂስ ተጋጊኻ
እኩዋ ዘይአመልካ
ሰማንያ ሚሊዮን ህዝቢ
እንዳተማሕጸነካ
ገዲፍካና ከድካ
አዳሊኻ ናብ መሓዙትካ።
እወ፤ ሓቂ ዘይከሓድ
ወረስቲ ምፍራይካ
ግንከ መለስ ጀግና
ብጣዕሚ ተሃዊኽካ
ፍረ ድኻምካ ክትርኢ
ቁሩብ ዘይምጸናሕካ
ዝዘራእካዮ ፍረ
ዓምቢቡ አፍርዩ
ሕልምኻ ሓቂ ኮይኑ
ድኽነት ጠፊኡ
ፀልማት ተገፊፉ
ብብርሃን ተተኪኡ
ሠሚሩ ዕላማኻ
ክትርኢ ዘይምጽናሕካ።
ንሱ ዩ ነይሩ ተስፋና
ንፅንዓትካን መሪሕነትካን
ክነቅርብ ምስጋና፡
እወ፡ ሕጂውን እንተኾነ
ትልምኻ ከፍሪ ኢዩ
ኩሉ ሓሳባትካ
አብ ፍረ ክበጽሕ ዩ
መን ድዩ ተኺልዎ?
አይንስኻ እንዲኻ
ብፅንዓት ብፍቅረ
ሕዝቢ ዝመራሕካ።
ተሃዊኽካ ምኻድካ
ጻዊዕት መሓዙትካ ሰሚዕካ

ዓቢ ሓዘን ኮይኑና
ንዘለዓለም ዓለም
ክነብርዩ ምሳና፣
ግንከ፣ ፃዊዕቶም በርቲዑ
ናይ ገድሊ ብፆትካ
ይአክል ካብ በሎ
ናይ መሬት ህይወትካ
በል ኪድ
እንታይሞ ክንገብር
አብ ትኸዶ ቦታ
ሰላም ይግበረልካ።